# *ዓገብ!  ዓገብ! ደጊም ይኣክል፣ ግርህነትና ብጕሒላታት ይሕለብ ኣሎ ሓላላት ደቂ ኤረ!*

*ብዛዕባ ልግሲ፡ ጽንዓት፡ ተወፋይነትን ምትሕግጋዝን ኤርትራውያን ክትዛረብ ከለኻ፡ ብዙሕ ዘይርድኦ ሰብ ዝህሉ ኰይኑ ኣይስምዓንን። ከመይሲ፡ እቲ ንቕሓት ዝሕመረቱ ተወፋይነት፡ ጽንዓትን ንመስዋእቲ ቅሩብነትን ናይ ኤርትራውያን እንተዘይነብር፡ ኤርትራ ከም ነጻን ሉኣላዊትን ሃገር ክትህሉ ኣምበይ'ምኸኣለትን። እዚ ፍሉይ ክብርታት'ዚ ኢዩ ኸኣ፡ ነቲ ብሓያላን ሃገራት ብወተሃደራዊ ዓቕሚ ክሳብ ዓንቀሩ ዓጢቑን፡ ኵሉ እከይ ሽርሒታትን ሞራላዊ ድጋፍን እናተገብረሉን፡ ተሃንዲዱ ንዝመጸ ሓይሊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ደማሲሱ ነጻን ሉኣላዊትን ሃገር ኤርትራ ከረጋግጽ ዝኸኣለ። ክብርታትና መሰረት ህላዌናን ቀጻልነትናን ብምዃኑ ድማ ብዝለዓለ ንቕሓትን ብስለትን ክንዕቅቦ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኰይኑ ይስማዓኒ።*

*ኣብዚ ዘሎናዮ ግናይ እዋን ግን፡ እዚ መወዳድርቲ ዘይርከቦ ክብርታትና ብተበለጽትን ጕሒላታትን ኪምዝመዝ ብጋህዲ ንርኢ'ሎና። ስለዚ'ዩ ድማ፡ ዓገብ! ደጊም ይኣክል ግርህነትና ብጕሒላታት ይሕለብ ኣሎ፡ ክብል ዘበገሰኒ። ካበይ ተበጊሰካ ግን ከምኡ ትብል? ዝብል ናይ ወራዙ ሕቶ ኪህሉ ንቡር ስለዝኾነ ከኣ፡ ሓሳባተይ ንኸትንትን ቀሩብ ክትዕገሱንን ነዚ ዝስዕብ መግለጺ ኣንቢብኩም ክትርድኡንን ኣቐዲመ እምሕጸን። ኣብዘን ዝሓለፋ ቍሩብ ኣዋርሕ ብመንገዲ ሊብያ ናብ ሽወደን ኣትዩ፡ መንበሪ ፍቓድ ረኺቡ ዚነብር ዘሎ ሓደ ስሙ ኪገልጽ ዘይደለየ ኤርትራዊ መንእሰይ ብገርሂ ልቡ ዘዕለለኒ ከካፍለኩም ከኣ ፍቓዱ'ለይ። ንቓላቱ፡ ሓንቲ'ኳ ትኹን ከይወሰኽኩ ከምታ ዝበለኒ እነሆ ኣቕርባ ኣለኹ'ሞ ስዓቡኒ።*

*"ካብ ሱዳን ንሊብያ እንንጓዝሉ ኣብ ዝነበርና እዋን፡ ዕድል እንተጌርና ኣብ ዓባይ ናይ ጽዕነት መኪና ከም ኣኺያሽ ኣብ ርእሲ ርእሲ ተጸዓዒንና፥ እንተዘየሎ ኣብ ውሽጢ ኮንተይነር ከም ኣቕሓ ንግዲ ተተኽቲኽና ብኣዝዩ ዘስካሕክሕ ኵነታት ኢና ጕዕዞና ፈጺምናዮ። በቲ ሕማቕ ኣየርን ሙቐትን ሃለዋቶም ዘጥፍኡ'ንዝሞቱን፡ ክሳብ ኣእምሮኦም ስሒቶም ከዕገርግሩ ዝጀምሩን ከኣ ብዙሓት'ዮም ኔሮም። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኵነታት ድማ፡ እቶም ዘንዓዕዙ ደቂ ሊብያን ግብጽን ወዘተ..፡ ነቶም ዘዕገርግሩ ካብተን ናይ ጽዕነት መካይንን ኮንተይነራትን ንደገ ናብቲ ጓህሪ ስሃራ ኪድርብዩኻ ዓይኖም ኣይሓስዩን'ዮም። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ድማ፡ <u>'ኤርትራዊ እንተኾይኑስ ድሓን ኣይትተንከፍዎ፡ ምኽንያቱ ጽባሕ ገንዘብ ኪሕለብ'ዩ፡'</u> ኪብሉ ክትሰምዕ ከለኻ'ዩ። እዚ ማለቶም ግን፡ ካብ ባዶ ተበጊሶም ኣይኰኑን። ከመይሲ፡ እቶም ደቂ ካልእ ሃገራት ማለት ከም ሱዳናውያን፡ ሶማላውያን፡ ኢትዮጵያውያን ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዶላራት ከፊሉ ካብቲ ሽግር ዘናግፎም ዚልግሰሎም ሰብ ስለዘይብሎም፡ ዋላ እንተደርበይዎም ብዙሕ ዘሰክፍ የብሎምን። እቶም ኤርትራውያን ግን ካብቶም ኣብ ኤውሮጳ ዝርከቡ ኣሕዋቶም፡ ኣሓቶም፡ ኣዝማዶምን ኣዕርኽቶምን ሳላቲ ለውሃት ዘበገሶ ግርህነቶም ንኸሉ ዝተሓተቱዎ  ብዝሒ ዶላራት ከፊሎም ስለዘድሕንዎም፡ ከም ርግጸኛ ምንጪ ኣታዊታቶም ስለዝቈጽሩዎም ከም ዝሕለባ ከብቲ'ዮም ዝሕልዉዎም።"*

*እዚ ምስ ሰማዕኩ፡ ብሓቂ ኣብራኸይ ዝጠለመኒ ኰይኑ'ዩ ተሰሚዑኒ። ለውሃትን ልግስን ኤርትራውያን በቶም ንሕስያ ዘይብሎም ጕሒላታት ልክዕ ከምታ ጸባ እትሕለብ እዝውቲ ላም፡ ዶላራት ይሕለበሎም ኣሎ ማለት'ዩ። እዚ ናብ ዕሽነት ከየስግል ዘፍርሕ ልግስን ግርህነትን ግን ክሳብ መኣስ'ዩ ኪቕጽል? ኣብዛ ናይ ስስዕትን ንዓይ ይጥዓመንን ዓለም ከኣ፡ ብዘይካ ባዕልና ኤርትራውያን ካልእ ደው ከብሎ ዚኽእል ሰብ ወይ ኣካል ከምዘየሎ ብዕሊ ክንፈልጥ ይግበኣና። ብፍላይ ንሕና እዞም ኣብ ወጻኢ እንርከብ ኤርትራውያን ከኣ፡ ኣብ ክንዲ ክፊሉ ዘዝተባሃልናዮ ከፊልና ነሕዋትና ኣደዳ ሞትን መግረፍትን እንገብሮም፡ ነቲ ንመሰጋገሪ ኪውዕል ዝሕሰብ ዶላራት ናብቲ ኪብገስ ዝሓስብ ዘሎ መንእሰይ ሰዲድና ትካል ኪኸፍተሉ እንተነተባብዕ ቅልጡፍ ናይ ስራሕ ዕድል ፈጢሩ ነቲ ሓደጋ'ውን ከወግዶ ምኸኣለ ዝብል ርእይቶ'ዩ ዘሎኒ።*

*ካልእ ኣብዚ ዘሙን'ዚ ከጋጥም ዝቐነየ ዘሰደምም ግርህነት <u>(ዕሽነት)</u> ከኣ፡ ሓደ ኣባ ግርሙ ዝበሃል ደብተራ ምስ ብጾቱ <u>(ጠንቆልቲ)</u> ኣብ ከተማ ስቶኮልም ህዩስቢ፡ ብስም የሱስን ማርያምን ስላሴን እናመሓሉን ንገርህኛታት ኤርትራውያን፡ ካብቲ ተሓንጊጥኩሞ ዘለኹም ጋኔን ከነናግፈኩም'ና እናበሉ፡ ከሸርጥዎምን ኣዋርቖምን ገንዘቦም ብኣሻይሽ ኪጥርንፍዎን ቀንዮም ኣለዉ። እዚ ካብቲ ደምና ዘፍልሐ ብው.ሕ.ሃ. ዝቖረበ ዓላቕ ጸብጻብ ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ብዘይንእስ ኣዝዩ ዘቈጥዕን፥ ኣዝዩ ዘሕፍርን ዘይሃይማኖታውን ድሑር እምነት፡ ብኸመይ ብፍላይ ኣብቲ ኤርትራውያን ብብዝሒ ዝርከቡሉ ቦታታት ጥራይ ይፍጸም? ኢልካ ምስ ትሓትት ከኣ፡ እቲ መልሲ ብዘይጥርጥር ልግስን ግርህነትን ኤርትራውያን ብቐሊሉ ምሕላብ ስለዝከኣል ብምዃኑ ትርዳእ'ሞ ዝያዳ ትቕሕር። እዞም ሕማማት ንፍውስ ኢና በሃልቲ፡ ብሓቂ ዝፍውሱ እንተ ዝኾኑ ግን፡ ነቶም ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ማእለያ ዘይብሎም ድዉያንን ሕሙማንን ዘየሕውይዎም? ኤርትራውያን ነዚ ሸጣራ'ዚ ኪርዳእ ዚኽእል ሓንጎል የብልናን ዲና? ስለምንታይ ደኣ'ሞ ነቶም ናትና ኣብያተ ክርስትያናትን መሳጊድን ዝኸውን ሓገዝ ክንዲ ነዋጽእ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ኪህነጽ'ዩ ኢሎም ንዘታልሉና ቤተክርትስትያን ክንከፍል እንጓየ? ስለዚ፡ ሕጂ'ውን ሓላላት ደቂ ኤረ፡ ልግስናን ግርህነትናን ብጕሒላታት ከይሕለብ ንቕሓትና ክብ ኪበል ኣለዎ እናበልኩ፡ <u>ዓገብ! ደጊም ኣእምሮና ንኸፈቶ፡ ልግስናን ግርህነትናን እናረኣናዮ፡ ብጕሒላታት ከይምዝመዝ ሓደራ እብል።</u>*

*መትከል ኣስመሮም ስቶኮልም ሽወደን 06/07- 2015.*